

# !!!!!!!ዝመጸ ይምጻእ ወራሪ ኣብ ባርዕ ሰውራ ሓራሪ!!!!!!

ሸጥ በሊ መዓንጣ ጽንዒስ'ከ ገጥ በሊ
ስኽፍ ኣይበልኪ በድሂ ኣይትወላወሊ
በትሪ ሓቒ ክትነግስ'ያ ጥራይ ዓቕሊ
ተጸበበት ህሞት ተመኽነት ከም በቕሊ
ብርሃን ክመጽእ'ዩ ንጸልማት ክኣሊ
ክወግሕ'ዩ መሬት ንለይትን መዓልቲን ክፈሊ።

ክተት መክት ዕጠቕ ከይትዝመት
ስንኻ ንኽስ ተኽላኽል ብኹሉ መዳያት
ስሪኦም ኣፍትሓዮም ናይ ድኅማ ግዳያት
ንኽድምና ዝተቓልዑ ዝነብሩ ብሓሶት
ተሰከምቲ ሓጥያት ዝተረግሙ ፍጥረት።

ቅንጣብ መሬት'ኳ ትኹን ደምና ዝፈሰሳ
ስርናይ ስገም ማሽላ ብልቱግ ዝሕፈሳ
ዘበት ትኹን መሓረሻ ጓና ነይሓርሳ
ወርቒ ናሓሲ ማዕድናት ዝድህሰሳ
ኣበደን ባዕዳዊ መሃንድስ ዘይህንድሳ።

ዝወረስናዮ ጽንዓት ካብ ሰማእታትና
ክንዕቕብ ንዘልኣለም ኤርትራውነትና
ብሽርሒ ብሓሶት ዝፍትን ክሕንኩለና
ክንምክት ኢና መኽተ ህዝቢ'ዩ መኽተና።

ዕምሪ ከደምቲ ሓጺሩ ዕምርና ክነውሕ
መንገዲ ሓሶት ክፈርስ መንገዲ ሓቒ ክዝርጋሕ
ኣብ ዘበና ክጠፍእ ዕዉር ንዕዉር ክመርሕ
ኣብ ሃገርናን ዞባናን ሰላም ንክስፋሕፍሕ
ሕሉፍ ታሪኽ ይመስክር ኢምበራጦርያ ክሸንዳሕ

ዓለማዊ ግዴታና ዝፈጸምና ከም ሃገር
መሰልና ተሓልዩ ብሰላም ክንነብር
ሎምስ ንጥመ ጽባሕ ግን ጸምና ነንሓድር
ንዝበለ ህዝቢ ብረሃጻይ ሰሪሑ ክኸብር
ሞጎስ ይግበኦ ነብሱ ክኽእል ንዝጽዕር።

ግዳይ ግብረ ሽበራ ክነሱ ከምተዋሳኢ ክቑጸር
ዓገብ ዝብል ካብተሳእነ ክዓርፍ 'ዚነገር
በሉ ንመክት ንኸተት ዋልታና ንገትር
ሓንሳብ ንሓዋሩ ደጊሙ ዶብና ከይድፈር ።

ሓቒ'ዮ ሪምና ንሕና ምስ መንግስትና
ህዝብናን መሬትናን ነፍቕራ ሃገርና
ምስ መድሕን ሃገር ንኡስ ዋርሳይ ይከኣሎና
ነዓና ክርህወና ዝሓለፉ ብጹኣን ከይረሳዕና
ዝኸፈልናዮም ብሉጻት ናጽነት ዘምጽኡልና
ንቐጽል ንመርሽ ናይ ዓወት ጉዕዞና።

!!!!!!!!!ዘልኣለማዊ ክብሪን ሞጎስን ንሰማእታትና!!!!!
!!!!!!መኸተና መኸተ ህዝቢ'ዩ!!!!!!!
!!!!!!!!! ዓወት ንሓፋሽ !!!!!!!!

